

ተፈሥሒ ዘእሑድ ወዘበዓለ ሐምሳ።
ሰላም ለማርያም ዓጽፈ ወልድ ዋሕድ፡ ወመፆረ ሕያው ነድ፡
ለድንግልናሃ ይደሉ ሰጊድ ለማርያም ዘይቤ ኢይሰግድ፡
ሞጻፍተ መብረቅ በሊሕ በርእሱ ለይረድ።

ሰላምታ ንማርያም፣ ልብሲ ወልድ ዋሕድን፣ ፀዋሪት ሕያው
ነድን፣ ንድንግልናኣ ይግባእ ክብርን ሰግዳንን፣ ንማርያም
ዝብል ኣይሰግድን፣ ብልጭታ መብረቕ በሊሕ ኣብ ርእሱ
ይዕለብን ይውረድን።

❖ተፈሥሒ ማርያም ለአዳም ፋሲካሁ፡ ወማዕዶታ ለሔዋን እንተ ይእቲ ዓፅመ ገቦሁ፡ እስመ ግዕዛኖሙ ኮነ ለወልድኪ በትንሣኤሁ፡ በወርኀ ዕብሬትኪ እግዝእትየ ዘኢይትረከብ ከማሁ፡ መኑ ዘይቴክዝ ወመኑ ዘይላሁ።

❖ተፈሥሒ ማርያም፣ ንኣዳም ፋሲካኡ፣ መሣገሪታ ንሔዋን ንሳውን ዝኾነት ዓጽሚ ገቦኡ፣ ናጽነቶም ዝኾነ ብናይ ወድኺ ትንሣኤኡ፣ ብዘመንኪ እመቤተይ ኣይርከብን'ዩ ከምኡ፣ ዝትክዝ መንዩ ዝበኪ'ኸ መንዩ፧

❖ተፈሥሒ ማርያም ወለተ አሮን ወሙሴ፡ ዘትትቄጸሊ አብያዘ ወትሴዓኒ ብናሴ፡ ለተአምርኪ ዝንቱ ሶበ ናቄርብ ወዳሴ፡ ኅትሚ ፍጽመ ዚአነ በማኅተመ ቅድስት ሥላሴ፡ አርእስተ አቃርብት ንኪድ ወንቀጥቅጥ ከይሴ።

❖ተፈሥሒ ማርያም፣ ጓል ኣሮን ወሙሴ፣ ሸልማትኪ ከዋኽብቲ ጫማኺውን ወርሒ ብናሴ፣ ነዚ ተኣምርኪ ኣብ ነቓርበሉ ወዳሴ፣ ገጽና ዕተቢ (ባርኺ) ብማሕተም ቅድስት ሥላሴ፣ ኣራእስ ዕንቅርቢት ክንረግጽ ክንቅጥቅጥ ከኣ ከይሴ (ተመን)።

❖ተፈሥሒ ማርያም ወለተ ዳዊት ወወልዱ፡ ጽጌ መዓዛ ዘዐርገ ለአብርሃም እም ስርወ ጉንዱ፡ ያስተፌሥሐኒ ጥቀ ዘና ተአምርኪ ለለፎዱ፡ አይሁድሰ ሶበ መንክራተኪ ክሕዱ፡ ሕያዋኒሆሙ ሲኦለ ወረዱ።

❖ተፈሥሒ ማርያም፣ ጓል ዳዊት ምስ ወዱ፣ ጽጌ መኣዛ ዝደየበ ንኣብርሃም ካብ ሡር ጉንዱ፣ ኣጸቢቑ የሐጉሰኒ ዜና ተኣምርኪ ነንሓድሕዱ፣ ኣይሁድ ግና መንክራትኪ ምስ ከሓዱ፣ ብሕይወቶም ናብ ሲኦል ወረዱ።

❖ነአኵተኪ ማርያም ወንሴብሐኪ ወትረ፡ ሠርከ ወነግሀ ኵሎ አሚረ፡ ኃይለ ተአምርኪ ዝንቱ ሶበ ንሬኢ ኅቡረ፡ ለልበ ጠቢባን መላእክት ዘያርስዮሙ ምክረ፡ ወለሕፃናት ይከሥት ሥውረ።

❖ነመስግነኪ ማርያም ንውድሰኪውን ኣዘውቲርና፣ ምሸትን ንግሆን ኩሉ ጊዜ ደጋጊምና፣ እዚ ሓይሊ ተኣምርኪ ሓቢርና ከም ዝረኣና፣ ዘረስዖም’ዩ ምኽሪ ንኣሕሉቕ፡ ንዝበሉ ጥበበኛታት ኢና፣ ንሕጻናት ከኣ ብስውር ይገልጽ ልቡና።

❖አአኵተኪ ማርያም ወሀቢተ ጸጋ በከንቱ፡ እስመ አልዐልክኒ ሊተ እመሬተ ምድር ወእምታሕቱ፡ አንሥኦተ ነዳይሰ ወአልዕሎ ምስኪን ጊዜ ድቀቱ፡ እወ እወ ሰልብኪ እስመ ከማሁ ሥምረቱ፡ ወሰዘኒ ፈደድኪ ታሤንዩ ሎቱ።

❖ኣመስግነኪ ማርያም ወሃቢት ጸጋ ብኸንቱ፣ ስለ ዘልዓልክኒ ንዓይ ንመሬት ምድሪ ካብ ታሕቱ፣ ምትንሣእ ነዳይ ኮነ ንምስኪን ጊዜ ውድቀቱ፣ እወ እወ ንልብኺ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድሌቱ፣ ንዝድለኽዮ ድማ ተጸብቐሉ ሕይወቱ።

❖ጽብኢ ማርያም እለ ይጸብኡኒ በተኃይሎ፡ ወግፍዒ ካዕበ እለ ይገፍዑኒ ኩሎ፡ ተአምርኪ ታርእዪ ወለወልድኪ በቀሎ፡ ይብል ዓብድ አኩኑ እግዚአብሔር ኢሀሎ፡ ሶበ ላዕሌሁ ፍጡነ እያርአየ ኃይሎ።

❖ብሓይሊ ንዝጸብኡኒ ማርያም ተጻብኢ፣ ንዝደፍኡኒውን ኰሎም ማርያም ድፍኢ፣ ናይ ወድኺ ቀኒጥዓኡን ተኣምርኺውን ኣርእዪ፣ ዓሻስ እግዚኣብሔር የሎን ዝብልሲ እንድዒ፣ ኣብ ልዕሊኡ ደኣ ቀልጢፋ ሓይሉ ከየርኢ።

❖ንዒ ማርያም ምስለ ወልድኪ መዋዒ፡ ከመ ታውድቂ ፍጡነ ርእሰ ፀር ወጸላኢ፡ እስመ ፈታሒት አንቲ ማእከለ ግፉዕ ወገፋዒ፡ ብፁዕ ብእሲ ድቀተ ፀሩ ዘይሬኢ፡ ወብፁዕ ካዕበ ፍትሐኪ ሰማዒ።

❖ምስ ኣሸናፊ ወድኺ ማርያም ንዒ፣ ቀልጢፍኪ ከተውድቂ ርእሲ ከፉእ ጸላኢ፣ ፍትሒ ተውጽኢ ኢኺ ንስኺ ኣብ ማእክል ግፉዕ ወገፋዒ፣ ዕዉት ሰብዩ ውድቀት ጸላኢሉ ዝርኢ፣ ከምኡውን ዕዉትዩ ፍትሕኺ ሰማዒ።

❖ዝ ውእቱ ዕድሜ ሣህልኪ ወዘተአምርኪ ጊዜ፡ ማርያም ድንግል ምልእተ ምሕረት ከመ ተከዜ፡ እስከ ማእዜኑ እሄሉ ማእከለ ብካይ ወእንባዜ፡ ኦ ናዛዚት አንተ ወለድኪ ናዛዜ፡ ኦ ንግሥት በቋዒት ብቍዕኒ ይእዜ።

❖እዚ ሰዓት'ዚ ኢዩ ናይ ይቕረታኽን ናይ ተኣምርክን ጊዜ፣ ማርያም ድንግል ምልእቲ ምሕረት ከም ተከዜ፣ ክሳብ ማኣስ'የ ዝነብር ኣብ ብኽያት ብትካዜ፣ ኦ ናዛዚት ዝወለድኪ ናዛዜ፣ ኦ ንግሥቲ ብቕዕቲ ሓግዝኒ ኣብዛ ዘሎኹዋ ጊዜ።

❖ሙሴ ነቢይ አመ ሕዝቡሁ ቄስሉ፡ ተአምረ ገብረ ለአርዌ ምድር በምስሉ፡ እምዝኒ የዓቢ ኃይለ ተአምርኪ ንግሥተ ኩሉ፡ ወኅበ ተተክለ ለዋሕድኪ መስቀሉ፡ ሠራዊተ ደዌ ወሞት ቀሪበ ኢይክሉ።

❖ነቢይ ሙሴ ሕዝቡ ምስ ቈሰሉ፣ ተኣምራት ገበረ ንኣርዌ ምድሪ ብምስሉ፣ ካብዚ ዝዓቢ ከኣ ተኣምርኪ እዩ ንግሥቲ ኹሉ፣ ኣብ ዝተተኽሎ ንወድኺ መስቀሉ፣ ሠራዊት ሕማምን ሞትን ኣጋንንቲ ክቐርቡ ነይኽእሉ።

❖ፈሪሆትኪ ማርያም ቀዳሜ ኵሉ ተዐውቆ፡ ወአፍቅሮትኪ ካዕበ መሠረተ ጥበብ ወአጠይቆ፡ ተአምረኪ እሴብሕ በቃለ መዝሙር ወመሰንቆ፡ ውስተ ተአምርኪ እግዝእትየ ለዘአብአ ናፍቆ፡ አፍትዎ መዊተ ወሲኦል አጽሐቆ።

❖ነቢይ ሙሴ ሕዝቡ ምስ ቈሰሉ፣ ተኣምራት ገበረ ንኣርዌ ምድሪ ብምስሉ፣ ካብዚ ዝዓቢ ከኣ ተኣምርኪ እዩ ንግሥቲ ኵሉ፣ ኣብ ዝተተኽሎ ንወድኺ መስቀሉ፣ ሠራዊት ሕማምን ሞትን ኣጋንንቲ ከቐርቡ ነይኽእሉ።

❖ምንተ ረከቡ ካህናተ ሐሊባ ወሃላ፡ መንክራተ አምላክ ዘርእዩ እምሰኪኖን እስከ ገልገላ፡ ካህናተ ቤትኪሰ ማርያም ረግበ ገሊላ፡ እንዘ ይታአመኑ ለተአምርኪ ኃይላ፡ ያፈልሱ ደብረ ወይመልሐ ሠግላ።

❖እንታይ ረኸቡ ካህናት ሓሊባ ወሃላ፣ መንክራት ኣምላኽ ዝረኣዩ ካብ ሰኪኖን ክሳብ ገልገላ፣ ካህናት ቤትኪ ግና ማርያም ርግቢ ገሊላ፣ እንተኣመኑ ንተኣምርኪ ሓይላ፣ ጎቦ የግዕዙ ይምንቁሱ ኸኣ ሳግላ።

❖ይቴክዝ ዐብድ ሶበ ልበ ጥበብ ውኅዶ፡ በኢያእምሮቱ አብዝኀ ሕማመ ዘይፈደፍዶ፡ ብፁዕሰ ለፍቅርኪ ዘይፀምዶ፡ በቅድመ ሥዕልኪ እግዝእትየ ለለጊዜ ያነሥእ እዶ፡ ተስፋሁ ይረክብ ወይፌጽም መፍቅዶ።

❖እንታይ ረኺቡ ካህናት ሓሊባ ወሃላ፣ መንክራት ኣምላኽ ዝረኣዩ ካብ ሰኪኖን ክሣብ ገልገላ፣ ካህናት ቤትኪ ግና ማርያም ርግቢ ገሊላ፣ እንተኣመኑ ንተኣምርኪ ሓይላ፣ ኀቦ የግዕዙ ይምንቁሱ ኸኣ ሳግላ።

❖ዕቀብኒ በተአምርኪ ወአድኅንኒ እምማቴ፡ ከመ አድኃኖ ወልድኪ ለዮናስ ወልደ አማቴ፡ መዋዕለ ዕረፍት አንቲ ማርያም ጰንጠቆስቴ፡ እምኃይለ ድካም ያፀንዕ መዋቴ፡ ኀብስት ስብሐትኪ ወፍቅርኪ ስቴ።

❖ብተኣምርኪ ሓልውኒ ኣድሕንኒ'ውን ካብ ምማቴ (ሰንደልደል)፣ ከምቲ ዘድሓኖ ወድኺ ንዮናስ ወዲ ኣማቴ፣ መዓልታት ዕረፍቲ ኢኺ ማርያም ጰንጠቈስቴ፣ ካብ ሓይሊ ድኻም የጽንዕ ንሰብ መዋቴ፣ ኅብስቲ ምስጋናኺ ፍቕርኺ'ውን ስቴ።

❖ሴስዩኒ ማርያም ለፀማድኪ ዓሳብ፡ ኀብስተ አእምሮ ሠናይ ወወይነ ጥበብ፡ እመኒ ፈድፈደ ኃጢአትየ እምሕዝብ፡ ተዘከሪ እግዝእትየ በርኅራኄኪ ዕፁብ፡ ከመ አስተኪዮ ማየ ለጽሙእ ከልብ።

❖መግብኒ ማርያም ንዓይ ንዝኾንኩ ናትኪ ዓስቢ፣ ወይኒ ጥበብን ጽቡቕ ምስ ዝኾነ ናይ ኣእምሮ መግቢ፣ ሓጢኣተይ እንተ በዝሐ ካብ ናይ ኩሉ ሕዝቢ፣ እመቤተይ ዘክሪ ብርህራሄኺ ዓቢ፣ ከምቲ ማይ ዘስተኾየ ንጽሙእ ከልቢ።

❖አፍጣኒተ ረድኤት ማርያም በጊዜ ምንዳቤ ወዐፀባ፡ ለዓይን እምቀራንባ፡ አንቲ ውእቱ ረዳኢት ያዕቆብ በቤተ ላባ፡ ብኵሉ ሕሊናሃ ወበኵሉ አልባባ፡ ዘኢታፈቅረኪ ነፍስ ትሠሮ እምሕዝባ።

❖ፍጥንቲ ረድኤት ማርያም ብጊዜ ሽግር ወዓጸባ፣ ንዓይኒ ካብ ቀራንባ (ከም ቋሕ ሰም)፣ ንስኺ ኢኺ ረዳኢት ያዕቆብ ኣብ እንዳ ላባ፣ ብኹሉ ሕሊናኣ ብኹሉ ኣልባባ፣ ዘይተፍቅረኪ ነፍሲ ትፈለ ካብ ሕዝባ።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት ለጽኑዕ ወልድኩም፡ ወለነፍሰ ኲሉ ቃውም፡ ጊዮርጊስ የዋህ እንበለ መስፈርት ወዓቅም ከመ እግዝእትከ ቡርክት ማርያም፡ እስመ ርኅሩኅ ልብ አንተ እምበቀል ወቂም።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት ንጽኑዕ ኮነ ንድኹም፣ ንኹሉ ነፍሲ'ውን ዝቐውም (ዝጣበቕ)፣ ጊዮርጊስ ለዋህ ልዕሊ ስፍርን ዓቕም(ን)፣ ከም እመቤትካ ብርኽቲ ማርያም፣ ርህሩህ ልቢ ኢኻ ካብ በቐል ካብ ቂም።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት በብዙኀ ፆታ፡ ከመ እግዝእትከ ርግበ ኤፍራታ፡ በሰማይ በላዕሉ ወበምድር በታሕታ፡ አምሐለከ ጊዮርጊስ በስመ እምከ ቴዎብስታ፡ ሞገሰ ስም ተሀበኒ ከመ ስምከ መንታ።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት ብብዙሕ ጾታ፣ ከም እመቤትካ ማርያም ርግቢ ኤፍራታ፣ ብሰማይ ብላዕሊ ብምድሪውን ብታሕታ፣ አምሐለካ ጊዮርጊስ ብስም ኣዴኻ ቴዎብስታ፣ ሞገስ ስም(ተፈታዊ ስም) ክትህበኒ ከም ስምካ ማንታ።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት እምኑጸተ ነፋስ ወአውሎ፡ ለዘይጼውዓከ በተወክሎ ጊዮርጊስ ቅረብ ለምሕረት ወለተሣህሎ፡ ተወከፍ ወትረ ጸሎትነ ወቃለ ጽራሕነ ኲሎ፡ እስመ ልበ አምላክ ርኅሩኅ በኀቤከ ሀሎ።

❖ኦ ፍጡነ ረድኤት ካብ ቅልጣፈ ነፋስ ወኣውሎ፣ ንዘጽውዓካ ብተወክሎ፣ ጊዮርጊስ ቅረብ ንምሕረት ንተሣህሎ፣ ጸሎትና ዘወትር ተቐበል ቃል ዓውታና’ውን ኵሉ እንብሎ፣ ልቢ ኣምላኽ ርኅሩህ ምሳኻ ኢዩ ዘሎ።

ለዘኢያፈቅረኪ እግዝእትየ ውኩፈ ኢይኩን ጸሎቱ ወይትገዘም ኑኀ ዓመቱ፡ ወይጥፋእ በከንቱ፡ በአፈ መላእክት ወሰብእ ይትረገም ለለሰዓቱ፡ ዘአስተማሰሎ በተውኔት ለማኅሌተ ንግሥኪ ዝንቱ፡ ጌጋዩ ወኃጢአቱ ኢይትኃደግ ሎቱ።

ንዘየፍቅረኪ ማርያም ቅቡል ኣይኾን ጸሎቱ፣ ይሕጸር ንውሓት ዓመቱ ይጥፋእ ብኸንቱ፣ ብኣፍ መላእኽትን ሰብን ይረገም በብሰዓቱ፣ ነዚ ማኅሌት ንግሥነትኪ ዘማሳሰሎ ብዘፈናቱ፣ ጌጋኡ ኣይተሓደገሉ ከምኡውን ሓጢኣቱ።

❖እሰግድ ቅድመ ማርያም ለዝክረ ስምኪ በጽዋዔ፡ ወእሰግድ ካዕበ ለድንግልናኪ ክልኤ፡ ወእሰግድ ሠልሰ ለሥዕልኪ ቅድመ ጉባኤ፡ ዘኢሰገደሰ ለሥዕልኪ አሥሪፆ ምማዔ፡ በሥጋሁ ወበነፍሱ ኢይርከብ ትንሣኤ።

❖ኣብ ቅድሚ ማርያም እሰግድ ዝኽሪ ስምኪ ጸዊዔ፣ ካልኣይውን እሰግድ ንድንግልናኺ ክልኤ፣ ሣልሳይውን እሰግድ ንስእልኺ ቅድሚ ጉባኤ፣ ንስእልኺ ዘይሰገደ ካብ ልቡ ኣሥሪጹ ምማኤ (ምስትውዓል) ብሥጋኡን ብነፍሱን ኣይርከብ ትንሣኤ።

❖በሰላመ ገብርኤል መልአክ ኦ እግዝእትየ ማርያም ሰላም ለኪ፡ ድንግል በሕሊናኪ ወድንግል በሥጋኪ፡ እመ እግዚአብሔር ጸባኦት ሰላም ለኪ፡ ቡርክት አንቲ እም አንስት ወቡሩክ ፍሬ ከርሥኪ፡ ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስለኪ።

❖ብናይ ገብርኤል መልኣኽ ሰላምታ ኦ እግዝእትየ ማርያም ሰላም እብለኪ፣ ድንግል ብሕሊናኺ ድንግል ብሥጋኺ፣ ኣደ እግዚኣብሔር ጸባኦት ሰላምታ ንዓኺ፣ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ንስኺ ኢኺ፣ ቡሩኽውን ፍረከርሥኺ፣ ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ኣሎ ምሳኺ።

